# <u>ዖና</u>

ዖና ቅድሚ 36 ዓመታት እታ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ምስ ተቕማጦኣ ብሰራዊት ሃይለስላሴ ዝሓረረት ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት እትርከብ ዓዲ እያ:: መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንፈድራላዊ ውዕል ብምጥሓስ ንኤርትራ ኣብ ቲሕቲ ግዝኣቱ ንኸእትዋ ኣብ ዝጽዕረሉ ዝነበረሉ እዋን ህዝቢ ኤርትራ ጽዑቕ ሰላማዊ ሰልፌታት ብምግባር ተቓውምኡ ኣርኣየ:: ይኹን እምበር ስርዓት ሃይለስላሴ ብተሓባበርነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነቲ ውዕል ብምጉዕጻጽ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ግዝኣቱ ኣእተዋ:: መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ንሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ጸማም እዝኒ ስለ ዝሃበሉ ብቕልጽሙ ሃገሩ ካብ መግዝእቲ ነጻ ንምውጻእ ብረታዊ ቃልሲ ኣበገሰ:: መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዕሸሉ ከሎ ክቕንጽሎ መጋቢት 1964 ዘለዎ ሓይሊ ካብ ባረንቱ ኣኻኺቡ ንምዕራባዊ ባረንቱን ሃይኮታን ወፈረ እሞ ሰራዊት ሓርነት ድማ ኣብ ተጎርባ ኣድቢዩ ብምጽናሕ ሰራዊት ጸላኢ ረሳኡ ዛሕዛሕ እናበለ ብህድማ ናብታ ዝተበገሰላ ከምዝምለሰ ገበሮ:: ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ከምዝብሃል ጸላኢ ኩሉ ጊዜ ወታሃደራዊ ክሳራ ኣብ ዝተጓነፎ ሕርቃኑ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ የውጽኦ ነበረ:: መግዛእትዊ ስርዓት ሃይለስላሴ በቲ ብተ.ሓ.ኤ. ዝወርዶ ዝነበረ ቀጻሊ መጥቃዕቲታትን ማህሰይትታትን ርዒዱ ሓይሊታቱ ካብ ገጠራትን ነቑጣታትን ናብ ከተማታት ክእክቦም ጀመረ:: ነቲ ኣብቲ ዝገደፎ ቦታት ዝነበረ ህዝቢ ድማ በስገዳድ ኣብ ከባቢ እቲ ወታትሃደራቱ ዝቆጻጸርዎ መደበራት ክእከቦ ጀመረ:: እዚ ድማ እቲ ህዝቢ ምስ ሰውራኡ ዘለዎ ምትእስሳር ስለዘስግኦ ነበረ:: ነተን ንሰራዊት ሓርነት የዕቁባ እየን ኢሎም ዝጥርጥርዎን ዓዲታት ድማ የቃጽልወንን ብነፈርቲ ይድብድብወን ነበሩ:: ዖና ሓንቲ ካብተን ብጸላኢ ተገዲደን ህዝቢ 15 ዝኾና ዓዲታት ዝተጠርነፈለን ኣብ ከባቢ መዓስከር ጸላኢ ዝነበረት ከተማ ከረን እትርከብ ዓዲ እያ ነይራ:: ሰራዊት ሓርነት ኣብ በረኻ ከይተወሰነ ኣብ ውሽጢ ከተማታት እናኣተው ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣሸገሮ:: ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ ሓለንጊ ሰራዊት ሓርነት ከምልጥ’ውን ኣይከኣለን :: ሰራዊት ሃይለስላሴ ዋላ እኳ ኣብ ከተማታት ይተኣከብ እምበር ሰራዊት ሓርነት እግሪ-እግሩ እናርከብ ድቃስ ስለዝኸልኦ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ወታሃደራዊ ምምሕዳር ከምትኸውን ገበረ እሞ ናይ ስዓት ሕላፍ ኣወጀ:: ኣብ

መታሕት ድሕሪ ሰዓት 6 ናይ ምሸት ምንቅስቓስ ከልከለ:: ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምንቕስቓስ ብናይ ፍቓድ ወረቐት ኮነ:: ሕጊ ዘውጽእን ዝፈርድን ዝፍጽምን ድማ እቲ ወዳሃደራዊ ምምሕዳር ኮነ:: ነዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ ጆነራል ተሾመ ዕርገቱ ናብ ኤርትራ ተላእከ:: ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ድማ ኣብ መንገዲ ኣስመራን ከረንን ኣብ ጥቓ ሃብረንቀቓ ዓርዲን ብምጽናሕ ኣብ ልዕሊ ጅነራል ተሾመ ዕርገቱን ንዕኡ ዝዕጅቡ ዝነበሩ ሰራዊትን በርቃዊ መጥቅዕቲ ብምውራድ ጀነራል ተሾመ ዕርገቱ ንዝተላእኮ መደብ ከተግብር ብግስ ከይበለ ኣብዚ ኩናትዚ ተቀትለ :: ሰራዊት ኢትዮጵያ በዚ ኣንጸርጺሩ ከም ኣመሉ ሕነ ጀነራል ተሾመ ዕርገቱ ንምፍዳይ ተቐማጦ ያናን በሲዲራን ዝተባህላ ዓዲታት ኣብ መሳጊድን ኣብ ኣብያተ ክርስትያናትን ክእከቡ ድሕሪ ምእዛዝ ብጭካኔ ረሸንዎም:: ብጨካንን ኣሬሜናውን ዝኾነ ኣገባብ'ዚ ልዕሊ 1000 ዝኾኑ ንጹሃት ዜጋታት ተቐትሉ::

ባሕቲ ታሕሳስ 1970 ሰሉስ ወጋሕታ ወታሃደራት ኢትይዕጵያ ንየና ኣትዮም ድሕሪ ምኽባብ ንዝረኸብዎ ሰብን እንስሳን ብዘይንሕስያ ብጥይት እንዳረሸኑ ኝኹሉ ኣባይትን ናይ ሓዊ ባርዕ ብምውላዓ ናብ መጋርያ ቀየርዋ። እዚ ባርባርዊ ስጉምቲ ድማ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ናይ ምቕታልን ምንዳድን ምዝማት ምዝራፍን ተግባር ቀጸለ ድሕሪ ናይ ተኹሲን ጠያይት ድምጽን ጠጠው ምባል ወታሃደራት ኢትይጵያ ካብ ያና ወጹ። ያና ናብ ዝለዓለ ናይ ባርዕ ሃልሃልታን ንሰማይ ዝጋረደ ትክን ተቐየረት። ኩሉ መእተውን መውጽእን መንገዲታት ብኹምራ ሬሳ መሊኡ ብናይ ደም ውሕጅ ኣጥለቕለቐ ካብ ገዝውቶም ከይውጹ ብሓዊ ቃልቃል ዝብል ዝነበረ ሬሳታት ተዓገቱ። ኣየር ብሕማቕ ሽታ ተበኪሉ እት ዝስማዕ ዝነበረ ድምጺ ድማ ንክትሰምዮ ዘስካሕክሕ ጻዕረሞታዊ እህህታን ናይ ሓገዝ ምድላይ ኣውያትን ካልእ ኣይነበረን። ሓደ ታሕሳስ ወታደራት ኢትይጵያ ሓንቲ ካብተን ዝለዓለ ኣስካሕካሒ ገበናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸመላ መዓልቲ እያ።

ብመግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ያና ዝወረደ ናይ መጀመርታን መወዳእታን ኣንይነበረን:: እዚ እቲ ዝኸፈአ ጃምላዊ መቕዘፍቲ እኳ እንተነበረ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜን ሸነኻት ኤርትራን ብፍላይ ከኣ ኣብ 1967: 1970: 1975 ጃምላዊ መቕተልቲ ፈጺሙ እዩ:: መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ብጃምላዊ ቀትለት ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ሰውራኡ

ክፈልዮን ክድህሎን ኣይከኣለን:: ብዝያዳ እኳ ድኣ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሱ ከምዘሕንን ገብሮ:: ማሕረዲ ሽዕብ 1988 ከኣ እቲ ዝድሓረ ጃምላዊ መቕዘፍቲ እዩ::

ሓደ ታሕሳስ ንዝኽሪ ስውኣት ሰውራና ዘልኣለማውነት ንምርግጋጽ እነብዕሎ መዓልቲ ስለዝኾነ ኣዝዩ ክብ ዝበለ ትርጉም ዝሓዘለ እዩ:: ነቶም ንነጻነት ሃገሮምን ራህዋ መጻኢ ህይወት ደቂ ሃገሮምን ንምዕዋት ህወቶም ዘሰውኡ ጀጋኑ ተቓለስቲ ዘሎና ተኣማማንነትን ኣኽብሮትን ዘንጸባርቕ እዩ:: ነቶም ምስ ሰውራኦም እናተዋሃሃዱን እናተሓባበሩን ግዳይ ሕነ ፍዳይ ጸላኢ እናኾኑ ክምህ ከይበሉ መስዋእትነት ዝከፈሉ ኤርትራውያን ዘሎና ዓቢይ ኣኽብሮት እውን የመልክት:: ነቲ ስውኣትና እናተቓለሱ ዝወደቕሉ መትከላትን ዕላማታትን ንምርግጋጽ: ነቲ ዝተጋዓዝሉ መንገዲ ሒዝና ክሳዕ መሰል ህዝብና ዝሕሉ ልዕላውነት ሕጊ ዝኸብረላ  ሃገር ንምስርት ኣሰሮም ክንክተል ቃል ንኣትወላ መዓልቲ'ውን እያ:: ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ን30 ዓመታት ዘካየዶ ብረታዊ ተጋድሎ ካብ 100,000 ንላዕሊ ዝኾኑ ስውኣት ከፊሉ እዩ። ክንድዚ ዝኾኑ ስውኣት ዝከፈልናሉ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ዕላማ ድማ ኣሎና። ስውኣትና ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን፤ ምእንቲ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን፤ ምእንቲ ፍትሕን ማዕርነትን፤ ዲሞክራስን እዮም ሓሊፎም። ሞያኦም ብገንዘብ ዝትመን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ነቲ ንሳቶም ጀሚሮሞ ዝሓለፉ ዕ ላማታት ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ እዩ ዝማላእ። ስለዚ እዛ ዕለት እዚኣ ኣብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ዲሞክራስን ክሳዕ ዝነግስ ክንቃለስ ምኧና ንስውኣትና ቃል-ኪዳን እንኣትወላ ዕለት እያ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

ኤርትራ ብዲሞራሲ ከቢራ ትንበር

ቃልስና ክሳብ ፍጹም ዓወት ቀጻሊ እዩ።

ወልደስላሴ ገብረመድህን

ካሊፎርንያ